BÆRUM KOMMUNE
BARNEHAGEKONTOR

**ናብ ኣኼባ ብዛዕባ ዕቤት ብደሓን ምጹ**

ዕለትን ሰዓትን፡-                    እቲ ዝርርብ ምስ ዝስዕብ ክግበር እዩ፡- (ስም መምህር)

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝግበር ናይ ምዕባለ ዝርርብ ኣብ መንጎ ወለድን ሓላፊት ትምህርትን ዝካየድ ብምስጢር ዝተሓዝ ዘተ እዩ። እዚ ኣኼባ እዚ፡ ንወለድን ንሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናትን ብዛዕባ ኩነታት ሓደ ሕጻንን ብዛዕባ ማሕበራውን ስምዒታውን ኩነታቱን ሓበሬታ ኸካፍሉ ዕድል ይህቦም።

ኩሎም ኣብ መዋእለ ሕጻናትና ዘለዉ ወለዲ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ይግበረሎም። ዝኾነ ክትዛተዩሉ እትደልዩ ነገር እንተ ተላዒሉ እውን፡ ካብቲ ዝተሓሰበ ንላዕሊ ተወሳኺ ኣኼባታት እውን ንገብር ኢና። ከምኡ ከድልየኩም ከሎ በጃኹም ምሳና ርክብ ግበሩ፣ ግዜ ድማ ክንምድብ ኢና!

*መዋእለ ሕጻናት ነቲ ወለዲ ተሳትፎ ኸገብሩ ዘለዎም መሰል ኣኽቢሩ ይርእዮን ምስ ወለዲ ብቐረባን ብምትሕብባርን ክሰርሕ ድማ ይጽዕር እዩ። (ቅርጺ መደብ መዋእለ ሕጻናት፡ ምዕራፍ 5)።* [Film: Hva er rammeplan for barnehagen፧ | udir.no.](#) | udir.no. (ፊልም፡- ንመዋእለ ሕጻናት ዝምልከት ቅርጺ መደብ እንታይ እዩ፧)
ኣብቲ ቅርጺ መደብ ከም እተገልጸ፡ ኣብ መንጎ መዋእለ ሕጻናትን ወለድን ዝግበር ምትሕብባር ንጽቡቕ ሂወትን ምዕባለን ቈልዑ ወሳኒ እዩ። ሓደ ቈልዓ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ኣብ ዝጸንሓሉ ዓመታት ምስ ወለዲ ጽቡቕ ምትሕባር ክንገብር ዕላማ ኣለና። ንስኻትኩም ከም ወለዲ መጠን ንውላድኩም ብዝበለጸ ትፈልጥዎ፣ ስለዚ፡ ንውላድኩም ብዝበለጸ መንገዲ ኸንሕዞ ዝሕግዘና ሓበሬታ ክትህቡና እትኽእሉ ንስኻትኩም ኢኹም።

ክልቲኦም ወገናት ነቲ ኣኼባ ምእንቲ ክዳለዉ በጃኹም ኣብቲ ቅጥዒ ዘለዉ ኣርእስታት ኣቐዲምኩም ርኣይዎም። ኣብቲ ንዓኻትኩም ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር ምስ ጸሓፍኩም፡ ነቲ ቅጥዒ በጃኹም ነታ ምስኣ ኣኼባ እትገብሩ መምህር ሃብዋ፣ እንተ ተኻኢሉ ቅድሚ እቲ ኣኼባ ክልተ መዓልቲ ኣቐዲምኩም ሃብዋ።

ነዚ ኣኼባ እዚ ኣስታት 45 ደቓይቕ ተመዲቡሉ ኣሎ።

እቶም ሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናት ምስጢር ናይ ምሕላው ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም፣ እቲ እንረኽቦ ሓበሬታ ድማ ምስቶም ንረብሓ እቲ ቈልዓ እቲ ሓበሬታ ዘድልዮም ሰራሕተኛታት ጥራይ እዩ ዝካፈል። ነቲ ንቐጻሊ ክትትል እቲ ቈልዓ ኣገዳሲ ኸም ዝኾነ ብሓባር እንሰማማዓሉ ጉዳያት ጥራይ ኢና እንጽሕፍ። ከምዚ ዘይንገብረሉ ገለ ምኽንያት፡ ሓደ ቈልዓ ኣብ ኣተዓባብያኡ ከቢድ ሸለልትነት ከም ዘሎ ዘእምን ምኽንያት እንተልዩ ወይ ድማ እቲ ቈልዓ ቀጻሊ ከቢድ ናይ ባህሪ ጸገማት እንተድኣ ኣርእዩ ጥራይ እዩ፣ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናት ኣብቲ ኮሙን ንዘሎ ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ ናይ ምሕባር ግዴታ ኣለዎም።

እቲ ዝቐርብ ሓበሬታ ብመሰረት ደንቢ ሓለዋ መረዳእታ ክኸዘንን ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን እዩ።



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no

| | | |
|---|---|---|
| **ቅጥዒ ኣኼባ ብዛዕባ ምዕባለ ካብ 1-3 ዓመት ንዝዕድሚኦም ሕጻናት**<br>ኣኼባ ብዛዕባ ምዕባለ ናይ (ስም ቖልዓ)፦<br>ሰዓት፦ | ዕለት፦<br>ናይ መወዳእታ ኣኼባ እተገብረሉ ዕለት፦ | |
| **ናይ መኸፈቲ ኣኼባ ዕላል** | **ወለዲ፦** | **መዋእለ ሕጻናት፦** |
| እቲ ቖልዓ ናብ መዋእለ ሕጻናት ብዛዕባ ዝገበሮ ምስግጋር ከመይ ይስምዓኩም፧<br><br>ጽቡቕ ድዩ ዘሎ ወይስ ለውጢ ዘድልዮ ነገር ኣሎ፧<br>ኣብ መንጎ መዋእለ ሕጻናትን ስድራቤትን ዘሎ ምትሕብባር ከመይ ትርእይዎ፧ | | |
| **ድሕንነትን ባህታን** | | |
| እቲ ቖልዓ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ምውዓል ባህ ከም ዘብሎዶ ይስምዓኩም፧<br><br>እቲ ቖልዓ ብዛዕባ መዋእለ ሕጻናት ኣብ ገዛ እንታይ ይዛረብ፧<br><br>እቲ ቖልዓ ስምዒታቱ (ንኣብነት ሓጉሱ፡ ሕርቃኑ፡ ፍርሁ፡ ሓዘኑ፡ ጓሂኡ) ብኸመይ ይገልጽ፧<br><br>እቲ ቖልዓ ንስምዒታቱ ብኸመይ እዩ ዚቖጻጸር፧<br><br>እቲ ቖልዓ ንስምዒት ካልኦት ብኸመይ እዩ ምላሽ ዝህብ፧ | | |
| **ምሕዝነትን ዝምድናን** | | |
| እቲ ቖልዓ ኣብ ውሽጢ ኰነ ኣብ ደገ እንታይ ክጻወት ወይ ምስ መን ክጻወት ይፈቱ፧<br><br>እቲ ቖልዓ ናብ ካልኦት ቆልዑ ርክብ ኣለዎ ድዩ፧ እቲ ቖልዓ ሓደስቲ ንጥፈታትን ጸወታታትን ክፍትን ሃንቀውታ ኣለዎ ድዩ፧<br><br>ውላድኩም ምስ ካልኦት ኣብ ዝገብሮ ጸውቲ ምስ ካልኦት ብሓባር ሓባራዊ ኣብ ምግባር ዘለዎ ዓቕሚ ኸመይ ይስምዓኩም፧ | | |
| **መዓልታዊ ልምድታትን ኣካላዊ ክእለትን** | | |
| ኣብ መዓልታዊ ልምድታት እቲ ቖልዓ ርእሱ ክኽእል ብዛዕባ ዘለዎ ዓቕሚ ከመይ ይስምዓኩም፧<br><br>ኣብ መዓልታዊ ኩነታት ዘጋጥመኩም በዳሂ ኩይኑ ዝስምዓኩም ነገር ኣሎ ድዩ፧ (ንኣብነት ባህርያት ቆልዓ፡ ደረት ምግባር፡ ናይ ድቃስ ሰዓት ወይ ካልእ ነገራት)<br><br>እቲ ቖልዓ ኣካላዊ ንጥፈታቱ (ኣብ ደገ ወይ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኣብ እትህልወሉ እዋን ዘርእዮ ኣካላዊ ምንቅስቓስ) ከመይ ኣሎ፧ | | |



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no

| | | |
|---|---|---|
| **ቋንቋን ርክብን** | | |
| **እቲ ቈልዓ ብዛዕባ እቲ ዝዝረብ ነገራ ብኸመይ ይርድኦ፧**<br><br>**እቲ ቈልዓ ምስ ካልኦት ቈልዑን ዓበይትን (ንኣብነት ገለ ነገር ክደሊ ወይ ክድልዮ ኸሎ) ብኸመይ ይረዳዳእ፧**<br><br>**ስነ-ቓላት እቲ ቈልዓ ከመይ ይመስል - ቃላት ከለሊ፡ ጸኒሑ ድማ እተፈላለየ ቓላት ክጥቀም ወይ ኣብ ሓደ ምሉእ ሓሳብ ሰሪዑ ኽጥቀም ይኽእል ድዩ፧**<br><br>**እቲ ቈልዓ ድሌት ክገልጽ ወይ ዘድልዮ ነገር ክሓትት ከሎ ትርድእዎ ዲኹም፧**<br><br>**እቲ ቈልዓ ብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረብ እንተ ኾይኑ፡ ኣየናይ ቋንቋ ዝያዳ ዝፈልጥ ይመስለኩም፧**<br><br>**እቲ ቈልዓ ኪንበብሉ ወይ ኪዝመር ከሎ ደስ ይብሎ ድዩ፧ ኣብ ገዛኹም እትጥቀሙሉም መጻሕፍቲ፡ ደርፍታት፡ ወይ ቅኒታት ኣብነታት ሃቡ።** | | |
| **ኣቓዲምካ ክግበር ዘድሊ ሓገዝ** | | |
| **ነቲ ቈልዓ ዝጸሉ ኣብ ስድራቤት እተራእየ ለውጢ ኣሎ ድዩ፧ (ንኣብነት ሕማም፡ ጉዳያት ጥዕና ኣእምሮ፡ ፋይናንስ፡ ዝምድና ወዘተ)**<br><br>**ኣብ ዙርያ እቲ ቈልዓ ንዝውሰድ ዝኾነ ወልፊ ዘትሕዝ ነገራት ብኸመይ ከም እትሕዝዎ ርእይቶ ኣለኩም፧**<br><br>**እቲ ቈልዓ ብኣልኮላዊ መስተ ወይ ብኻልእ ወልፊ ዘትሕዝ ነገራት እተጸልወ ኣባል ስድራቤት ኣጋጢምዎ ድዩ፧** | | |
| **ካልእ** – ቅድሚ ሕጂ ዘይተጠቕሰ ክትዛረብዎ እትድለዩ ነገር ኣሎዶ፧ | | |
| **ሽቶ ብዛዕባ ዕቤት** (ኣብ ዝቕጽል ኣኼባ ትኹረት ዝግበረሉ)<br><br>ነቲ ቈልዓ ኣወንታዊ ምዕባለ ክገብር ንምሕጋዝ ብቐጻሊ እንታይ ክንገብር ይግባእ፧ | ኣብ ኣኼባ ብሓባር ምልእዎ | |
| **ጽማቕ** – ስምዒት ብዛዕባ እቲ ኣኼባ | ኣብ ኣኼባ ብሓባር ምልእዎ | |

**ፌርማ**
**ወለዲ..............................................................** **መምህር፡-.....................................**



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no